ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ኣብ 2017 በጀት ዓመት ካብ ገበርቲ ሰናይን መደበኛን ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቑሑትን ፈርኒቸርን ናይ መኪና ጎማን ንምግዛእን ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ብምድብ/LOT/ መቐሉ ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ፡

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ጥሪ 6, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 21, 2017 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:ብቢ ሎቱ ይፈላላ አዩ
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:ብቢ ሎቱ ይፈላላ አዩ
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 21, 2017 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/

ቁፅሪ ፋ/ም/ሃ/12/ግ-ጨ/10

ዕለት 06/05/2017 ዓ/ም

ምልክታ ግልፂ ጨረታ ቑፅሪ 05/2017 ዓ/ም

ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ኣብ 2017 በጀት ዓመት ካብ ገበርቲ ሰናይን መደበኛን ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቑሑትን ፈርኒቸርን ናይ መኪና ጎማን ንምግዛእን ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ብምድብ/LOT/ መቐሉ ማለት እውን፡

ምድብ-M/LOT-1- ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቑሑት፣

ምድብ-2/LOT-2፡ ናይ ፈርኒቸር ኣቑሑት

ምድብ-3/LOT-3፡ ናይ መኪና ጎማ ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ፡ ስለዚ

1. በቲ ዘርፊ ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣ ናይ ግብሪ ከፉላይ መለለይ ቑፅሪ TIN ሰርተፊኬት ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣

2. ንተወሳኪ እሴት ታክሲ / VAT ዝተመዝገበ፡ - VAT ምዝገባ ሰርቲፊኬትን ናይ ታሕሳስ/2017 ዓ.ም VAT ድክላሬሽን ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣

3. በቲ ዘርፊ ናይ መቕረባይነት ዝተመዝገበ ምኻኑን ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ ምስክር ወረቐት ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣

4. ኣብቲ ጨረታ ሰዓራይ ዝኮነ ተወዳዳራይ ዝሰዓሮ ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቑሑት ውዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 15' ናይ ስራሕ መዓልቲ ብናይ ባዕሉ መጓዓዝያ ናብ ቢሮና ስቶር ክፍሊ በቲ ዝተሓተተ እስፔስፍኬሽን መሰረት ከቅርብ ዝኽእል ፣

5. ተጫራቲ ናይ ጨረታ መወዳደሪ ሰነድ ኦርጅናልን ሓደ ኮፒን ነንበይኑ ብሽምዒ ዝተዓሸገ ኢንቨሎፕ ከቅርብ ዝኽእል፣

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

6. ናይ መወዳደሪ ደኩሜንት ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ፣ ናይቲ ትካል ሸምን ኣድራሻን ፣ ማህተምን ፈርማን ዘለዎ ክኸውን ይግባእ፣

7. ተጫራቲ ንዝተዳለወ ዝርዝር መምርሒ ጨረታን ሰነድ ጨረታ ምድብ-HLOT-1 ንዘለዉ ዝርዝር ንብረታት ዝተዳለወ ሰነድ ዘይምለስ ናይ ኤሌክትሮኑክስ ኣቑሑት ብር 200.00/ ክልተ ሚዒቲ ቅርሺ ጥራሕ / ምድብ-2 ምድብ-3/LOT-2 LOT-3 ናይ ፈርኒቸር ኣቑሑትን ናይ መኪና ጎማን ንሕድሕድ ዘይምለስ ብር 150.00/ ሓደ ሚዒን ሓምሳን ቅርሺ ጥራሕ/ እናኸፈልኩም ካብ ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ዳ/ዳሬክቶሬት ዕደጋ ፋይናንስን ንብረት ምም/ርን ቢሮ ቑፅሪ 2-19 /2-01 ካብ 06/05/2017 ዓ/ም ክሳብ 20/05/2017 ዓ/ም ኣብ ዘሎ ግዚያት ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ብኣካል ብምቅራብ ሰነድ ጨረታ ገዚኡ ክወዳደር ይክእል፣

8. ተጫረቲ ናይ ጨረታ ውሕስና መኽበሪ ሰነድ ጨረታ ንLOT-1 ብር 150,000.00/ ሓደ ሚዒትን ሓምሳን ሽሕ ብር ጥራሕ/ ንLOT-2 LOT-3 ንሕድ ሕደን ብር 10,000.00/ ዓሰርተ ሽሕ ብር ጥራሕ/ ብሸም ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን /Bureau of finance & Resource Coordination/ ብCPO ወይ ብሰርቲፋይድ ቼክ ውይ ድማ ብጥረ-ገንዘብ ናብ ዝተዳለወ ናይ ቢሮና ጨረታ ሳንዱቅ ወይ ድማ ጨረታ ቅድሚ ምክፋቱ ከቅርብ ዝኽእል፣

9. እቲ ጨረታ ዕለት 21/05/2017 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 400 ቅ/ሰዓት ተዓፅዩ በቲ ዕለት ስዓት 430 ቅ/ሰዓት ኣብ ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ዕደጋ ፉይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ቢሮ ቑፅሪ 2-19 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለውሉ ይኽፈት።

10. ቢሮና ነቲ ጨረታ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

11. እቲ ጨረታ ምስተከፈተ ቢሮና ናይቲ ዝግዛእ ንብረት መጠን ክሳብ 20% ክቅንስ/ክውስክ/ ይክእል እዩ።

12. ሰዓራይ እቲ ናይ ኤሌክትሮኒክስን ፈርኒቸርን ናይ መኪና ጎማን ኣቑሑት ብበዓል ሞያ ተፈቲሹ ትክክለኛነቱ ምሰተረጋገፀ ጥራሕ ኣታዊ ይኸውን።

13. ንዝበለፀ ሓበሬታ ሞባይል ቑፅሪ 0914775963/0914136662 ደዊልካ ምሕታት ዝካኣል ምኟኑ ንሕብር "

ምስ ሰላምታ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle